አላመጣ ስታዲዩም ኩበር ቲሪቡን ንምስራሕ ብግልፂ ጨረታ ኣጫሪቱ ከስርሕ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ ጥቅምቲ 4, 2008 (ልዕሊ 11 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥቅምቲ 25, 2008 6:00 ደ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:
- ቦታ:ኣላማጣ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:200
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን:
- መደብ: ገዛውቲን ሕንፃ ስራሕቲን/

1 ናይ ዚ ዘበን ግብሪ ዝከፈለ ፍቃድ ዘሐደሰ ዝሕብርን ናይ መቅረባይነት ምዝገባ ዘካየደ ምኳኑ ዝሕብር

2 ተወሳኪ እሴት ታክስ ዝተመዝገበ ናይ ዝሐለፈ ወርሒ ሒሳብ ዘቀረበሉ መረዳእታ ዘቕርብ

3 መለለይ ቁፅረ ክፍሊቲ ግብሪ ዝሐዘን ዝረጋገፅ ምስክር ወረቀት ከቕርብ ዝክእል

4 መከበሪ ጨረታ 150.00 ቅርሺ ካብ ሃገራዊ ባንኪ ንግዲ ኢትዮጰያ ወይ ካብ ዝተፈለጡ ባንክታት ሲፒኦ ወይ ድማ ካብ ዝተፈለጠ ናይ ባንኪ ዉሕስና ልዕሊ ሰለስተ ወርሒ ዝፀንሕ ከቕርብ ዝክእል

5 ሰነድ ጨረታ ኣብ ዋና ከይዲ ስራሕ ህንፃ ዲዛይንን ኮንስትራክሽንን ክፍሊ ቁፅሪ 2 ካብ ዕለት

2/2/2008 ጀሚሩ ምዉሳድ ይከኣል እዩ

6 ሰነድ ጨረታ ሐደ ዋናን ክልተ ቅዳሕን ነንበይኑ ተዓሺጉ ኣብ ሐደ ዓብይ ፖስታዳግም ተዓሺጉ ናብ ከይዲ ስራሕ ህንፃ ዲዛይንን ኮንስትራክሽንን ምሉእ ሽም ኣድራሻ ፊርማ ማሕተምን ኣብ ሕድሕድ ገፅ ምስተገበረሉ ኣብቲ ቤት ፅሕፈት ናብ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ይአትዉ

7 ሰነድ ጨረታ ከምቲ ክሸየጥ ዝነበሮ ከይተዛበዐ ካይተጎደለን ክቀርብ አለዎ

8 ሰነድ ጨረታ ስርዝ ድልዝ ምግባር አይፍቀድን እንተጋጢሙ ድማ ፊርማ ባዓል ዋና ክዓርፎ አለዎ

9 ጨረታ ዕለት 25 /2 /2008 ዓ/ም ሰዓት 3:00 ቅድሚ ቀትሪ ተዓፅዩ ብተመሳሳሊ ዕለት ሰዓት 3:30 ቅድሚ ቀትሪ ተጫረቲ ወይ ድማ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዘለዉሉ ይክፈት

10 ሰዓራይ ናይ ዝሰዓረሉ መከበሪ ዉዕሊ ኣብ ኩነታት ዘይተመሰረት 10% ናይ ባንኪ ዉሕስና ከትሕዝ ዝክእል እንትኮን ኮይኑ ግና እቲ ዝሰዓረሉ ዋጋ ካብ ምህንድስና ግምት ትሕቲ 20 እንትኮን ንሕድሕድ 1% ዝወረደ ተወሳኪ 2% አብ ልዕሊ እቲ 10% ከትሕዝ ከምዝክእል

11 አብዚ ጨረታ ዝሰተፉ ተወዳደርቲ BC ን GC ደረጃ 7 ልዕሊኡን ዝኮኑ ናይ ሰዓራይነት መፍለይ ረቁሓ ፋይናንሻል ጥራሕ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

እንትከዉን ዝታሐተ ዋጋ ዘቅረብ ሰዓራይ ይከዉን

12 ሰዓራይ ምስተፀዉዓ ዉዕሊ ዘይአስር እንተኮይኑ ዘትሐዞ መከበሪ ጨረታ ዘይምለሰሉ ምኮኑ ክፈልጥ አለዎ

13 ዕደጋ ፈፃሚ አካል እቲ ጨረታ ብምሉእ ወይ ብክፋል እቲ ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

14 ንጨረታ ሰነድ መግዝኢ ዋጋ 200 ቅርሺ ጥራሕ እዩ

ንተወሳኪ ሓበሬታ ብቁፅሪ ስልኪ 0347740824 ምሕታት ይከኣል

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle